# ምዕዝምዛም በዚሑኒ ክዛረብ ሕደጉኒ!!

ሰነ 17 2007 ወዲ ዓዃይ ኤርትራዊ!!

ንያታና ዘኪረ
ንስዉኣት ኣኽቢረ
ንህሉው ዘርዚረ
ክዛረብ ኣምሪረ።

ሰብ ፍጡር
መዋእሉ ስዉር
ዓይኑ ዕዉር
ዝመስሎ ዝነብር።

ዕድሜኡ እተወሰነ
ንወርሓት ንቕነ
ፍጹም ዘይሳነ
ብፍርሒ እትሐቈነ።

ነባሪ ዝመስሎ
መንፈሱ ጐደሎ
ፈታው እምባጋሮ
መቓብር ዝጸሮ ።

ንሓጺር መዋእሉ
ሸቓልቓል ሓዳሩ
ንእተወሰነ ዕምሩ
ዘይነብር ከቢሩ ።

ኣንዊሑ ዘይጥምት
ዝመጸ ዘይግመት
ዘይናቱ ዝዘምት
ክደሊ ዝብሕት።

ሰብ ሰታቲ
መቓብር ታሕቲ
ዘይማላእ ሓንቲ
ዝኣኸቦ ሃብቲ።

ንላዕሊ ዝጥምት
ብሕልሚ ዝህውትት
ፈተውቱ ዝንዕሕ
መርገም ዝስንቑ።

ኣነ ጳዃላጦስ
ቁመተይ ቀላሚጦስ
ምሩጽ ብኽርስቶስ
ስገዱለይ ሓረስቶት።

ሰብኣይ ሰበይቲ
ኣቡናት ኣቕሽቲ
መሻይኽ ሙፍቲ
ናተይ ሕዛእቲ

ጀነራቕት ደብሉ
ኮሮኔላት ቕተሉ
ቃለይ ከይተዕብሩ
ብሰላም ክትነብሩ።

መሬት ሽጡ
ዶላራት ደርድሩ
መንእሰያት ወጥጡ
ንጡርጡር ዝበጡ።

ዝመረቑ ይርገሙ
ዝወደቑ ይሕመሙ
ህቃዋት የዕዘምዝሙ
ንምልኽይ ዘየምኣኑ።

ኣነ ቆራጺ ኣነ ፈላጺ
ዝለመድኹ ላግጺ
ንኹሉ ዓማጺ።

ቃለይ ዘየኽበረ
ንትእዛዘይ ዘዕበረ
ገለ ዝመኸረ
ሰፈሩ ዓራዊረ

ቆፎና ኖኹሉ
ንወለዲ እሰሩ
ንደል፡ ዝኸወሉ
50 ሽሕ ጋሩ።

መሬት መንግሥቲ
ንገዛ ሰራቕቲ
ኣለዉና ቀየስቲ
ግዱዳት ብሓይሊ።

ንሓደስ ኤርትራ
ብዞባ ምሕደራ
ብውልቐ ዕንደራ
ብሓይሊ ህገራ።

ንዋርሳይ ይኸኣሎ
ንበረኻ ሽንጭሮ
ንዊዓ ገልዕሎ
ኄይኑና መንሽሮ
ብኹሉ ንቐርቕሮ።

ሳልስቲ ሳልስቲ
ልኡኽ ገረፍቲ
ዝደንጉ ዕረፍቲ
ንሳጉኦም ኹብለልቲ።

ኣየር ከይብኽሉ
ዓዲ ኣበይቶ ሃይሩ
ዕግርግር እንተበሉ
ቀልጢፎም ይቐንጸሉ።

ዝተረፉ ንገልዓሎ
ብጽሓይ ቆሎ
ንበል ቶሎ ቶሎ
ንሳዋ ተማህሮ።

ንትእዛዘይ ዘየኽበረ
ንቃለይ ዘዕበረ
ገለ ዝመከረ
ሰፈሩ ዔራዒረ።

አዴታት ዓልላ
አዋልድ ዝለላ
ኣብ መቃብር ደብላ
ደምራሉ ስብራ ።

አቦታት አስተውዕሉ
ናባይ ተማህለሉ
ንስመይ ምሐሉ
ስእለይ አንጠልጥሉ
ብሰላም ንክትነብሩ።

መንእሰይ ቀልዑ
ምብቃለይ ጽንዑ
ወለዲ አትስምዑ
ደድሕረይ አጣቕዑ
ብኢሳያስ ኹርዑ ።

ወዲ አፎም ዘይበለ
ብስመይ ዘፈከረ
ፍጡር ወዲ ኤረ
ክነብር ዘይደለ።

ሀቡኒ ዲኖይ
ካሓድሶ ወነይ
ንሶማል ወገነይ
ክሕግዞም ብዓቕመይ
ተኣኽቡ ሰራዊተይ።

ንአሜሪካ ጸሪፈ
ንአፍሪቃ ዘሊፈ
ንአልካይዳ ወዲሰ
ንኤርትራውያን አደቂሰ
ዘቕንየኒ ዘንዲሰ።

ንስልጣነይ መናውሒ
ኹሓሒለ ሸርሒ
ብረቛቕ ጉርሒ
አናኺሰ ሓዊ
ረኺበ መወርሒ።

ሚላይ ከይልለ
ንፈላጣት ወንጂለ
ንኹላቶም ገሊለ
ክነብር ከቢረ።

ዶብ ከይፍንጸጸ
ዲሞክራሲ ዘድመጸ
መርዓዊ ኹነ እትሕጸ
ምቹራጹ ብመላጸ።

ዓይነይ እናረኤ
እዝነይ እናሰምዔ
ስልጣነይ እንተተምንዚዔ
አይነብርን ኾሪዔ።

ሳዕሪ አይትብቆል ድሕረይ
ብዘየገድስ መበቆለይ
ፍሉጥ አመለይ
ይስመረለይ ሕልመይ።

ህልም ትበል ሀገር
ዕላማይ ይተግበር
ወይልኡ ዝባራበር
ብተግባረይ ዝመራመር
ማዕረይ ዝዋዳደር
እናረአየ ይቕበር።

ዘጣሕዔት አጻብዕ
ንዉሑዳት አዛብእ
ዝመጸ ትዝንግዕ
ተጣዒሳ ትነብዕ።

ንኢሳይስ ዝአመን
ኻኹሉ ዘይመዘነ
ንህዝቡ ረቕዘነ
ይዛረብ ዘስተንተነ
ኒሔኛ ይፈዲ ሕነ።

ሓንጐል ይመራመር
አእዳው ይወራወር
ከቢርካ ክንበር
ይትረፈና ቀብጠርጠር
ነኻእሎ ንግበር
ኹሉ ድሕሪ ሀገር።

ምዕዝምዝም በዚሑኒ
ክዛረብ ሕደጉኒ ጠምትሉ ዓይኒ
ክፈትዎ እዝኒ።

አውያተይ ስምዑኒ
ሕጂስ ይኣኽለኒ
ንምልኺ አቓትሉኒ
ሀየ አድሑኑኒ።

ኤርትራውያን ምጺኒ
ንሓአርበኛታት መቕሰኒ
ኹሉ ይኻሸስ ስኒ
ጠፊእና ብወዲኒ
 - - -- - ይቕጽል- - - - -

ክብሪ ንስዉኣት ጀጋኑ።